UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS COUNCIL

# ኢትዮጵያ፡ ድሕሪ ዳርጋ ሓደ ዓመት ተኹሲ ደው ምባል፡ ክኢላታት ሕቡራት ሃገራት፡ ገበናት ኲናትን: ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ሓዊሱ ቀጻሊ ግፍዒታት ከምዘጠንቀቑ ይሕብሩ

**07 መስከረም 2016**

**ጀኔቫ (07 መስከረም 2016) ፡** ኣብ ኢትዮጵያ ተጻብኦታት ደው ንምባል ስምምዕ ካብ ዝፍረም ዳርጋ ሓደ ዓመት፡ ኣብታ ሃገር ገና ግፍዕታት፡ ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ይፍጸሙ ከምዘለዉን ሰላም ንምርግጋጽ ገና ከምዘይርከብን ኣህጉራዊ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ኣብ ዘውጽኦ ዳሕረዋይ **ጸብጻብ** ሎምዓንቲ ኣጠንቂቑ ።

ኮምሽን ኣብቲ 21 ገጻት ዝሓዘ ጸብጻቡ፡ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ጀሚሩ ብኹሎም ወገናት እቲ ኲናት ዝተፈጸሙ ሰፋሕቲ ግፍዕታት ሰኒዱ እዩ። እዚኦም ድማ ጃምላዊ ቅትለት፥ ዓመጽ፥ጥምየት፥ ምዕናው ኣብያተ ትምህርትን ሕክምናዊ ትካላትን፥ ግዱድ ምምዝባልን ምስ ኲናት ዝበጽሕ ኢደውነናዊ ማእሰርቲን ዝርከብዎም እዮም።

ምፍራም እቲ ስምምዕ ነቶም ጠበንጃታት ስቅ ኣቢልዎም ክኸውን ይኽእል'ካ እንተኾነ፡ ኣብ ሴሜናዊ ክፋል እታ ሃገር ብፍላይ ኣብ ትግራይ ዝጸነሐ ግጭት ኣይፈትሐን፡ ኲሉመዳያዊ ሰላም'ውን ኣየምጸአን" ይብል ኣቦ መንበር ኮምሽን መሓመድ ቻንደ ዑስማን። "ኩነታት ኢትዮጵያ ኣዝዩ ከቢድ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።"

ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ክልል ኣምሓራ ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ሰባት ዝፍጸም ግህሰት ዘሰክፍ ጸብጻባትን ከምኡ'ዉን ኣብ ትግራይ ቀጻሊ ግፍዕታት ዝፍጸም ዘሎን ዓመጽ ዝመልኦ ጎነጻት ብሃገር ደርጃ ይዓቢ ኣሎ" ይብል ዑስማን። "ኩነታት ኦሮምያ፡ ኣምሓራን ካልኦት ክፋላት ሃገረን- ቀጻሊ ቅዲ፡ ግህሰት፡ ሱር ዝሰደደ ገበነኛታት ዘይምቅጻዕ፡ ከምኡ'ውን ምውሳኽ ምውሓስ መንግስቲ ሓዊሱ-ተወሳኺ ግፍዕን ገበናትን ዘስዕቡ ሓደጋታት መለለዩ ዘለዎ'እዩ።"

እቲ ኮምሽን ናብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ዘቀረቦ ናይ ቀረባ ጸብጻብ፡ ሰራዊት ኤርትራን ኣባላት ምልሻ ኣምሓራን ኣብ ትግራይ ከቢድ ጥሕሰት ይቕጽል ከምዘለው ኣረጋጊጹ። እዚ ማለት ውን ትእዛዝን ውጥን ዝኾን ዓመጽን ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ሓዊሱ፡ ንባዕሉ መንግስትን ፌደራልን ኣብ መሰላትን ግዝኣታዊ ቅንዕናን ዝኣትዎ ቃል ዝጥሕስ ምኻኑ'እዩ።

እቲ ኮምሽን ብተወሳኺ ኣብ ኦሮምያ ብሓይልታት መንግስቲ ዝካየድ ዘሎ ናይ ማእሰርቲ፥ ምእሳርን ስቅያትን ሲቪላት ኣገባበት ኣቃሊዑ፥ ድሮ ኣብ ነሓሰ 2015 ኣዋጅ ህጹጽ እዋን ካብ ዝእወጅ ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ሰባት ኣምሓራ ብዝፍጸም ብርክት ዝበሉ ተኣማንነት ዘለዎም ጸብጻባት ይበጽሖም ኣሎ።

ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዝተፈጠረ ግጭት ብኹሎም ወገናት ዝተፈጸመ ጥሕስት ግህሰት ክብደት ክንገልጽ ኣይንኽእልን።  ብፍላይ ዘተሓሳስብ ገለ ካብዞም ገበናት ቀጻሊ ምህላዎም እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ብሓይልታት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኣዋልድን ዝፍጸም ዓመጽን ጾታው ዓመጽን” ትብል ኮምሽነር ራዲካ ኩማራስዋሚ። “ቀጻሊ ህላወ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ሱር ዝሰደደ ፖሊሲ ኣብ ልዕሊ ገበነኛታት ተሓታትነት ዘይምህላው ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንኽምዚ ዘኣመሰሉ ጥሕሰት ብፌደራል መንግስቲ ቀጻሊ ደገፍን ምጽውዋርን'ውን ንጹር ምልክት እዩ።

“ግፍዕታት ንማሕበረሰብ ኣዕኒዩ ንማሕበራዊ ዝምድናታት ብኸቢድ ሸርሚምዎ 'ዩ” ይብላ ኩማራስዋሚ። ሙሉእ ስድራቤታት ክቕተሉ፥ ኣዝማድ ኣብ ልዕሊ ዝፈትውዎም ሰባት ዘስካሕክሕ ገበናት ክዕዘቡ ተገዲዶም፥ ምሉእ ማሕበረሰባት ድማ ካብ ገዝኦም ተመዛቢሎም ወይ ተሰጕጎም፥ ብዙሓት ንኽምለሱ ኣዝዮም ፈሪሖም፡ ካልኦት ድማ ክምለሱ ኣይኻሉን። ውልቃውን ሓባራውን ስነ-ኣእምራዊ ስንብራት ንወለዶታት ክቕጽል ተኽእሎ ኣሎ”

ኣድላይነት ተኣማንነት ዘለዎ፡ ንኹሉ ዝሓቁፍን ትርጉም ዘለዎን መስርሕ ሓቂ፡ ዕርቅን ናብ ንቡር ምምላስን ካብዚ ንላዕሊ ህጹጽ ኮይኑ ኣይፈልጥን” ክብል ኩማራስዋርሚ ወሲኸ ገሊጻ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ንጥሕሰት ግህሰት ብኣድማዒ መንግዲ ክከላኸል ወይ ክምርምር ከምዘይከኣለን ኣብ ክንድኡ ግዳያት ዕሸሸ ተባሂሎም ዝቕጽሉሉ ጉድለት ዘለዎ መስርሕ ምምኽኻር መሰጋገሪ ፍትሒ ከምዘበገሰ እቲ ጸብጻብ ይሕብር። ቅድም ኢሉ ኣብዚ ዓመት እዚ  መንግስቲ ፌደራል “ ኣማራጽታተ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ንመሰጋገሪ ፍትሒ ዝብል ረቒቕ ኣውጺኡ፥ ኣብ ውሽጢ ሃገር ክህሉ ዝኽእል መስርሕ መሰጋገሪ ፍትሒ ተኸታታሊ ምምኽኻር ጀሚሩ ይርከብ። እዚ ኮምሽን ግና፡ እቲ መስርሕ ብመንግስቲ ዘቀመጦ ኢደወነናዊ ናይ ግዜ ገደብ ንምምላእ ተሃዊኹ፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት እንተላይ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝነብሩ ኢትዮጵያውያን ስደተኛታት ግዳያት ብእኹል ከምዘይተዋፈረ ረኺቡ።

መሰጋገሪ ፍትሒ ሃገራት ምስ ሕሉፍ ግፍዕታት ንኽሰማምዓ ንምሕጋዝ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ምስ ኣማኢት ግዳያት፡ ሰደራቤቶምን ወከልቶምን ካብ ዝገበርናዮም ርክባት፡ ትካላት መንግስቲ ኢትዮጵያ ተኣማንነት ዘለዎ መስርሕ ንምፍጻም ዘለወን ዓቕሚ ወይ ድልውነት ሙሉእ ብሙሉእ ከምዘይተኣማመን የመልክት-ብፍላይ ምኽንያቱ ሰበ ስልጣንን ኣካላትን ኣብ ክልተ ነንባዕልዕም ዝጻብኡ ኩነታት ጠመተ ዝገብሩ ስለዝኾኑን ከምኡ'ውን ናጽነት ስለዘይብሎምን” ክብል ኮምሽነር እስቴቬን ራትነር ገሊጹ።

ኣብ ኢትዮጵያ እዋናዊ ተበግሶታት መሰጋገሪ ፍትሒ ክንዕዘብ ከለና ብመርትዖታት “ንሽሙ ጥራሕ ዝግበር እምበር” ኮነ ኢልካ መንግስቲ ካብ ኣህጉራዊ ምጽራይ ንምህዳም ዝገብሮ ፈተነታት ብውሽጣዊ ኣገባባት ምፍጣርን ካልኦትን መሳርሒ ምግባር ዝዓለም ከምዝኾነ ዘጸግም ኣይኮነን ይብል ኮምሽነር እስቴቬን ራትነር - “እዚ ብቀንዱ ኣህጉራዊ ጸቕጢ ንምቅላልን ዝሓየለ ኣህጉራዊ ጽምዶ ወይ መርመራ ንምክልኻልን ኣገልጊሉ እዩ። ነቶም ኣብ መላእ  ኢትዮጵያ ብኣማኢት ኣሻሓት ዝቁጸሩ ግዳያት ግፍዒ፡ እዚ ክቕጽል ክፍቀድ ክኽእል የብሉን ። ክብል ወሲኹ።

ጸብጻብ ኮምሽን ብዛዕባ ቀጻሊ ህላወ መብዛሕትኦም **ኣብ ማዕቀፍ ትንተና ገበናት ግፍዕታት ሕቡራት ሃገራት ዝርከቡ መርኣያታትን** መበገሲታትን ኣጠንቂቑ። ንተወሳኺ ሰፊሕ ገበናት ግፍዒ ዘሰዕቦ ሓደጋ ኣጉሊሑ፡ ብዙሓት ካብቶም መለለዪ ሓደጋታት መጻኢ ገበናት ግፍዒ ኣብ ኢትዮጵያ ከምዘለዉ ዓሚቑ ስክፍታ ገሊጹ።

ብተወሳኺ ኮምሽን ቅዲ ምውሳኽ ውሕስነት መንግስቲ ብመገዲ ኣዋጅ ህጹጽ እዋን ኩነታትን ምምስራት ወተሃደራዊ “ኮማንድ ፖስት” ብዘይ ሲቪላዊ ቀጽጽርን ኣስተብሂሉ። ከምዚኦም ዝበሉ መሓውራት መብዛሕትኡ ግዜ ብኸቢድ ጥሕሰት ዝተሰነዩ እዮም ክብል ዘስተብሀሎ ምኽኑ ይገልጽ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥራሕ፡ ኢትዮጵያ ንሸዱሽተ ኣዋርሕ ዝጸንሕ ኣዋጅ ህጹጽ እዋን ኣዊጃ፡ ኣብ መላእ ክልል ኣምሓራ ስርዓት ኮማንድ ፖስት ብምትካል ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብታ ክልል ዝርከባ ብዙሓት ከተማታት ማእከላት ኣብ ትሕቲ ህጹጽ እዋን እቶ እቶ ኣትየን ኣለዋ። ድሮ እዚ ኮምሽን ብጅምላ በኢደወነናዊ መንገዲ ማእሰርቲ ሰለማውያን ሰባት ኣምሓራን ብውሑዱ ሓደ ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ብመንግስቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲን ዝገልጽ ጸብጻባት ይበጽሕዎ ኣለው።

"ኣብ ኣምሓራ እናተበላሸወ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ጸጥታን ቀጻሊ ህላወ ገበናት ግፍዒ ሓደጋ ዘሰዕቡ ባእታታትን ከቢድ ስክፍታታት ገይሩልና ይርከብ ። እዚ ዝምዕብል ዘሎ ኩነታት ኣብ ምርግጋእ ኢትዮጵያ ከምኡ'ውን ብሰፊሑ እቲ ዞባን፡ ብፍላይ ድማ እቶም ገዛና እዩ ኢሎም ዝጽውዕዎ ዓሰርተታት ሚልዮናት ደቂ ኣንስትዮን፡ ደቂ ተባዕትዮን፡ ህጻናትን ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ"። ይብል ኣቦ ወንበር መሓመድ ቻንደ ዑስማን። " ኣገዳስነት ቀጻልነትን ከምኡ'ውን ድልዱልን ናጻ ዝኾነ ክትትል ልዕሊ ዓቕን ክግለጽ ኣይኽእልን።"

ተፈጺሙ

**ድሕረ ባይታ፡ ውድብ ሑቡራት ሃገራት ቤት መኽሪ ሰብኣዊ መሰላት** ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ፡ ብቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ብዕለት 08 ታሕሳስ 2014፡ **ብውሳነ ጽ 33/1**፡ኣብ ልዕሊ ክስታት ምጥሓስን ግህሰትን ኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን ጥሕሰት ናይ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕግን ኣህጉራዊ ሕጊ ስደተኛታትን ኣብ ኢትዮጵያ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ጀሚሩ ብኹሎም ወገናት እቲ ግጭት ዝተፈጸመ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓመጻትን፡ ግህሰታትን ክህሉ ዝኽእል ጸታዊ ሸነኻት ሓዊሱ ዕሙቕ ዝበለ ምርመራ ንከካይድ ሓላፍነት ዝተወሃቦ ኮምሽን እዩ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ** ብዛዕባ ስራሕ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ኣብዚ ዝስዕብ *https://www.ohchr.org/en/hr-bodies/hrc/ffm-iran/index ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።*

***ንዝያዳ ሓበሬታ ሕቶታት ሚድያን፡*** *በጃኹም ንቶድ ፒትማን ኣማኸሪ ሚድያ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኮምሽን በዚ ዝስዕብ ኣሜል ኣድራሻ todd.pitman@un.org, ፡ ሞባይል +41 76 6911761 ወይድማ ፓስካል ሲም በዓል ሞያ ሚድያ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኮምሽን ኢሜል simp@un.org. ተወከሱ።*